# ሰንበት ዘናዝሬት

## ጥሪ 5 2016 ዓ.ም.(1/14/2024)

ኢየሱስ ማርያም ዮሴፍ ኣብ ልበይ ምሳይ ኩኑ!

> **መዝሙር፡** ንጉሥኪ ጽዮን... ኦ ጽዮን ንጉሥኪ እቲ ሰማይን ምድርን ዝጽበይዎ ንውሉድ ወለዶ ኣባና መጺኡ፥ ንነገስታት ክብሪ ንዝግዝእዎ ብርሃን ኣኽሊል ንሰማዕታ ሽመት ካህናት ንቅድስት ቤተ ክርስትያን ዓምዳን ጸግዐን፥ ኣብ ቤተ ልሔም ተወልደ ኣብ ናዝሬት ተሓጸነ። ኣበሳና ስለ ዘይዘከሮ ኣይሓደገናን ንሱ ኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ ሓጎስ ኮነ።
>
> **ንባባት፡** ሮሜ15፡1-13፥ 1ዮሐ. 4፡14-ፍ፥ ግ.ሓ. 13፡32-43፥ ሉቃስ 4፡16-32።
>
> **ምስባክ፡** ናሁ ሰማዕናሁ በኤፍራታ፥ ወረክብናሁ ውስተ ኣመ ገዳም ንበውእ እንከሰ ወስተ ኣብያቲሁ ለእግዚኣብሔር።

፫ይ ክፍሊ ዓመት ኢና ሒዝና ዘሎና ካብ 26 ታሕሣሥ 25 መጋቢት ሓጋይ ይብሃል። ኣብ ዘመነ ሓጋይ ኣዋርኅ ነቕጽን ደርቅን እዩ ኣብኡ ዘመነ ኣስተርእዮን ዘመን ጾምን ይርከብ።

ካብ ሃገርና ወጻኢ እንርከብ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ዓለም ስለ እንርከብ ገለና ከቢድ ክረምቲ ቁሪ ዝበዝሖ ከምኡ በረድን ካልእን ነሕልፍ ንህሉ ገለ ከአ እዋን ዝናም ጥውም ጊዜ ገለ ኸአ ብርቱዕ ሙቐት፥ እቲ ኾይኑ እቲ እዚ እዋን ልደት ክርስቶስ መድኃኒና እንዝክረሉ ቁዱስ እዋን እዩ። ብፍሉይ መንፈስን ትግሃትን ክንዝክሮ ይግባእ። ኣብ ሕይወትና ምስ ኢየሱስ መድኃኒና ክንራኸብ ክንበጽሖ ምስ ህያባትናን ምሉእ ፍቕርናን ኣብ ቅድሚኡ ክንቀርብ ዝሕግዘና እዋን ኢና ዘሎና። ንዑናይ ኣብ ኢየሱስ ክንብሃሃል እሞ ብምሉእ ፍቕርን ምትሕግጋዝን ክንቀርቦ። ንኢየሱስ ክንረክብ መገዱ ድለቱ ክንፈልጥ ኣሎና ንሱ ኸአ ብምሉእ ልብኻ/ኺ ናቱ ኮንካ ምርካብ እዩ። ኣብዚ ኣምላኽ ዝገልጸልና ነገር ንዑናይ ክንብል እዋኑ እዩ። ልብና ከፊትና ክንመጸ ብፍቕሪ ይጽበየና ኣሎ ስለዚ ንስምዓዮ።

ናይ ሎሚ ሰንበት ዘናዝሬት ተባሂሉ ይፍለጥ ካብ 5-10 ጥሪ ዘሎ እዋን ይሕዝ።

ቅዱስ ሉቃስ ኣብ ወንጌሉ ነቲ ኣብ ድሕነትና ክንርድኦ ጠቓምን ኣድላይን ዝበሎ እዩ ጽሒፉልና፥ ዓላማ ጽሑፉ ካብ ልደቱ ክሳብ ዕርገቱ ዝነበረ ኩሉ ጽሒፉ። ትሕዝቶ ጽሑፉ ንኣረማውያንን ንኣይሁድን ዝምልከት እዩ። ኣብ ምዕ. 4 ብዛዕባ መጀመርያ ስብከቱ ይነግረና፥ ድሕሪ ጥምቀቱ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ኣብ ገሊላ ኣብ ሰሜናዊ ግዝኣት ፈለስጢን ኣብታ ዝዓበየላ ዓዲ ናዝሬት ከም ዝተመልሰ ይነግር፥ ግን ኣብቲ ጽሑፍ ከም እንርእዮ ስብከቱ ኣብኡ ከምዘይጀመረ ክንርዳእ ንኽእል። ሉቃስ ነቲ ዓላማ ወንጌሉ ክጥዕሞ ኢሉ ተልእኮኡ ኣብ ናዝሬት ከም ዝጀመሮ ካብኡ ንደቡብ ኣብታ ቀንዲ መውዳእታ ሕይወቱ ዝኾነት ኣብ ኢየሩሳሌም ንድሕሪት ከይተመልሰ ከምዝኸደ ንምግላጽ ኢሉ ዝገብሮ ይመስል። ንማርቆስን ማቴዎስን ኣብ ከባቢ ገሊላ ኣብ ኩሉ ከም ዝተመላለሰ ይነግሩ ዮሓንስ ከአ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ኢየሩሴሌም ከም ዝተመላለሰ ይነግረና።

ኣብ ተልእኮ ኢየሱስ ብተደጋጋሚ እንርእዮ ኣብ ገለ ዓድታት ይመላለስ ነሩ ይሰብኽ ተኣምራት ይገብር እንተኾነ ብዙሓት ምቕባል ይኣብዩ ገለ ጋኔን ኣለዎ ይብሉ ገለ ኸአ ሓደ ካብ ነብያት እዩ

ይብሉ ምፍላጥን ምቕባልን ይአብይዎ ነሮም። ሎሚ አባና ብቃሉ ብቤተ ክርስትያኑ ብብዙሕ መገዲ ይመጸና እዩ ምስማዕ ንአቢ ዝተፈለለየ ምኽንያት ንፈጥር አምላኽ ግን አብ አፍደገ ገዛና አሎ ክንከፍቶ ይኹሕኩሕ አሎ።

ሉቃስ አብዚ ክሕብሮ ዝደሊ ኢየሱስ አብቶም ናቱ ደቂ ዓዱ ከም ዝመጽአ ግን ምቕባል ከም ዝአበይዎ ይነግረና። ብመዓልቲ ሰንበት አብ ቤተ መቕደስ አትዩ ቅዱስ መጽሓፍ አንቢቡ ትርጉሙ ኸአ ገሊጽሎም። እቲ ዘንበቦ ካብ ኢሳያስ ነብይ 61፡1-2 ዘሎ አንቢብሎም። ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብአኒ መንፈስ ቅዱስ አብ ልዕለይ አሎ፥ ንምሩኻት ምምላስ ንዕዉራት ምርአይ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ ኽበስር ሕርይቲ ዓመት እግዚአብሔር ክሰብኽ ለአኸኒ ዝብል አንቢቡ። እዚ ዘንበቦ ብዙሕ ነገራት ይጠቅስ ከም ሓደ ናይ ተልእኮኡ መምርሒ ይመስል። እንተኾነ እዚ ክፍሊ ኢሳያስ ነብይ ብምልኡ ብዛዕባ ተልእኮ ኢየሱስ ዘይኮነ ብዛዕብኡ እዩ ዝዛረብ። እዚ አብ መዓልቲ ጥምቀቱ ብአኻ ዝተሓጎስኩ ፍቑር ወደይ ንስኻ ኢኻ (ሉቃ 3፡22) ክብል ከሎ አጽዲቕዎ።

ስለ ዝቐብአኒ ክብል እንከሎ ኢየሱስ ብዘይማትእ ንሱ እቲ ንዘመናት ዝተጸበይዎ መስሕ ክርስቶስ ንእስራኤል ነጻ ዘውጽእ ከምዝኾነ ይገልጽ። መስሕ ዝብል ቃል አብ ግሪኽ ክትርጎም እንከሎ ክርስቶስ ዝብል እዩ፥ ትርጉሙ ኸአ ብዘይቲ ዝተቐብአ ማለት እዩ። (አብ ጥምቀትን አብ ሜሮንን ዘይቲ ንጥቀም ቅብአ ቅዱስ)። ኢየሱስ ቃል ንቓሉ ተቐቢኡ ማለት አይ ኮነን እንታይ ድአ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ አብ ሩባ ዮርዳኖስ ክጥመቕ እንከሎ ተቐቢኡ። ምቕባእን ዘውዲ ምድፋእን ሓደ ትርጉም እዩ ዘውሃቦ ኢየሱስ ክርስቶስ ንጉሥ እዩ።

ተልእኮ ንጉሥ ክገልጽ እንከሎ ወንጌል ንድኻታት ምስባኽ፥ ንምሩኻት ምምላስ፥ ንዕዉራት ምርአይ፥ ንግፉዓት ምውጻእ ሓራ ከብስር፥ ሕርይቲ ዓመት እግዚአብሔር ክሰብኽ እዩ። አብዚ ብዛዕባ ንእስራኤል ሓራ ዘውጽእ፥ ንዝተወስደ መሬት ዝመልስ ዝብል አይንርእን እንታይ ድአ እዩ ንግስነቱ። ንግስነቱ ድኻታት ዓለም ሰናይ ዜና ዝሰምዑሉ፥ ፍቕሪ አምላኽ አብኦም ዘለዎ ዝፈልጡሉ እዩ። ተልእኮኡ ምሕረትን ዕርቅን ከምጽእ እዩ። ሰባት ትርጉም፥ ሕይወት እንታይ ከምዝኾነ አጽርዮም ዝርእዩሉ እዩ። ንሕይወት ሰባት ምሉእ መሰልን ነጻነት ምልባስ ከሉ አብ ቅድሚ አምላኽ ከምዝቐሙ ዝገብሮም መገዲ ምሕባር፥ ብሓጺሩ ምጃምር ናይ መንግስቲ አምላኽ አብ መንጎ ደቂ ሰባት ምኺን እዩ።

አብዚ ምዕራፍ ኩሉ እቲ አብ ወንጌል ሉቃስ እንረኽቦ ብምልኡ ጠርኒፉ ይነግረና፥ እዚ ወንጌል ናይ እቶም ድኻታትን ውጹዓትን፥ ወንጌል ናይ ፍቕርን ርሕራሔን፥ ወንጌል ናይ መንፈስን ሓጎስን፥ ወንጌል ናይ ጸሎትን ምሕዋይን ከምዝኾነ ይገልጸልና።

ሕርይቲ ዓመት እግዚአብሔር ክሰብኽ ለአኸኒ እዚ ነቲ ዘመነ መስሕ ድሕነት ዝስበኸሉ ጊዜ ወይ ዘመን እዩ ዘመልክት። ኢሳያስ ነዚ ክገልጽ እንከሎ ነቲ ዓመተ ኢየቤል ባራዩ ነጻ ዝወጽኡሉ ዕዳ ዝምሓረሉ ወይ ዝድምሰሰሉ፥ መሬት አብ ዋንኡ ዝምለሰሉ እዩ ዘስምዕ። ኢሳያስ ብዛዕባ ካብ መግዛእቲ ባቢሎን ነጻ ምውጻእ እዩ ዝዛረብ ኢየሱስ ግን ብዛዕባ ምሉእ ሕይወት ደቂ ሰብ አብ ሕይወቶም ክረኽብዎ ዝግባእ ካብ ግዙፋውን መንፈሳውን ባርነት ነጻ ምውጻእ እዩ ዝዛረብ።

ኢየሱስ አንቢቡን ገሊጹን ምስ ወድአ ነቲ ብራና ነቲ አገልጋሊ ሂብዎ እዚ ጽሑፍ እዚ ሎሚ አብ አእዛንኩም ተፈጸመ ኢልዎም። እቶም ዝፈልጥዎ ዝመስሎም ዝነበሩ ደቂ ዓዱ በቲ ዘረብኡን ካብ አፉ ዝወጽእ ዝነበረን ተደነቑ። ሉቃስ አብ ወንጌሉ እዚ ናይ አድንቖትን ምግራምን አገባብ ደጋጊሙ የምጽኦ። እዝስ እቲ ወዲ ዮሴፍዶ አይኮነን? ከም ዝፈልጥዎ ክገልጹ ኢሎም ሓቲቶም

ኢየሱስ ግን ወዲ ዮሴፍ ኣይነበረን ንሱ ወዲ ማርያምን ወዲ እግዚኣብሔር ኣብን፥ መለኮታዊ ቃል ሥጋና ዝለበሰ እዩ።

ሉቃስ ቀጺሉ ብዛዕባ እቶም ነቲ ኢየሱስ ዝገለጾ ምስ ሰምዑ ዘርኣይዎ ግብረ መልሲ ይነግረና። በቲ ዝበሎን ፍልጠቱን ኣዝዮም ተደኒቖም እንተ ኾነ ልቦም ክቕይሩ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን። እዚ ዘበሎም ወዲ ዓድሞ ዝፈልጥዎ ስለ ዝኾነ ሓንቲ ዋጋ ኣይሃብዎን። እኳ ድአ ከምቲ ኣብ ቅፍርናሆም ዝገበርካዮ ስለምንታይ ኣብዚ ዘይትገብር እናበልኩም ከም እትሓስቡ እፈልጥ እየ ኢሉ ኢየሱስ ነጊርዎም። ቅፍርናሆም ዕብይ ዝበለት ከተማ ጴጥሮስ ዝቕመጣ ዝነበረ ኢየሱስ እውን ኣብ ገሊላ ኣብ ጊዜ ተልእኮኡ ከም ማእከል ዝጥቀመላ ዝነብረት እያ። ኣብዚ እዋን ካብ 5ይ ዘመን ርእሰ ኣድባራት ቤተ ክርስትያን ኣብቲ ኢየሱስ ዘስተምሃሮ ተሓኒጹ ይርአ ከምኡ ኣብ ጥቕኡ ቤተ መቕደስ ኣይሁድ ኣብ 4 ክፍለ ዘመን ዝተሰርሐ ኣሎ።

እቶም ሰብ ናዝሬት ዘይተቐበልዎ ምኽንያት ንሱ ወዲ ዮሴፍን ማርያም ስለ ዝኾነ ከምኡ ቅንኢ እውን እዩ። ኢየሱስ ትሪ ልቦም ርእዩ ነብይ ከቶ ኣብ ዓዱ ኣይከብርን እዩ ኢልዎም። ኩልሳዕ እትርእያ ወርጊ ኣይድምቕትን እያ ይብሃል። ኩሉ ጊዜ እትርእዮ ወይ እትፈልጦ ንምርኣይ ዓይኒ ልቦናኻ የዕውሮ እዩ። መን ምኧኑ ስለ ዝፈልጦ ክብለኒ ዝኽእሎ የብሉን ንብል። ኢየሱስ ክረድኦም ኢሉ ክልተ ኣብነት ኣምጺኡ ነጊርዎም።

ኣብ ጊዜ ብርቱዕ ጥመት ዝነበረሉ እዋን ኤልያስ ነብይ ናብታ ሓንቲ መበልት ሰበይቲ ኣብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና እትርከብ ደኣምበር ኣብቶም እስራኤላውያን ወገኑ ኣይተላእከን። ሲዶና ሓንቲ ካብተን ጥንታውያን ከተማታት ፊኒቃውያን ኣብ ገምገም ማእከላይ ባሕሪ እትርከብ 33 ኪሜ ካብ ጢሮስ ርሒቓ እትርከብ እያ። ድሓር ኢየሱስ ኳል ሓንቲ ሰበይቲ ካብ ዓሌት እስራኤል ዘይኮነት ኣብዛ ከተማ ከሕዊ እዩ።

ኣብ ጊዜ ኤልሳዕ ነብይ ብዙሓት ለምጻማት ኣብ እስራኤል ነሮም እንተኾነ ብዘይካ ንእማን ሶርያዊ ኻብኣቶምስ ሓደ እኳ ኣይነጽሐን፥ ንእማን እስራኤላዊ ዘይኮነ ሶርያዊ ጀነራል እዩ ነሩ።

ኣብዚ ክልተ ኣብነት እንርእዮ እግዚኣብሔር ብነብያቱ ገሩ ነቶም ኣረማውያን ይበጽሖም ከም ዝነበረ ብኢየሱስ ክርስቶስ ገሩ ኸአ ንኹሉ ህዝቡ ይበጽሕ። ሰብ ናዝሬት ግን ንኢየሱስ ምቕባል ኣብዮሞ ካብ ዓዲ ኣውጺኦሞ በቲ ጸድፌ ዓዶም ተሰሪሓትሉ ዝነበረት ከጽድፍዎ ወሰድዎ ንሱ ግን ብማእከሎም ሓሊፉ ከደ። እዚ ብትኣምራት ድዩ ገርዎ ወይስ ሱቕ ኢሉ ደፊኡ ካብኦም ወጺኡ ኣይንፈልጥን ዝኾነ ኮይኑ ግን ግዚኡ (ሞቱ) ስለ ዘይኣኸለ ከይዱ።

ንነብያዊ ቃላት ዘይምስማዕ ኣብዚ እዋና እውን ኣሎ። ልኡኻት ክርስቶስ እዚ ብተደጋጋሚ ዝገጥሞም እዩ ሰባት ቃል ኣምላኽ ከይሰምዑ ልባቶም ዓጽዮም ይነብሩ። እዚ ኾይኑ እቲ ንቃል ኣምላኽ ክነስምዕ ትሑዛት ኢና። እዚ እዩ ኸአ ናይ ተልእኮና ዓላማ፥ ክርስትያን ማለት መልእኽቲ ዘብጽሕ ማለት እዩ። ቃል ኣምላኽ ድለት ኣምላኽ ክነብጽሕ እንልኣኽ ሎሚ ንሕና ኢና። ንመልእኽቲ ኣምላኽ ብድላይና ወይ ብድላይ ካልኦት ከይንትክኦ ዓቢ ምስትውዓል የድልየና።

ኢየሱስ ኣብ ገዛና ኣብ ሕይወትና ከመጽእ እንክሎ ንቀበሎ ንስምዓዮ ሽዑ ኣብ ሕይወትና ይኹን ኣብ ኹሉ ሰላም ቅሳነት ክነግስ እዩ። ነዚ ኸአ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ